# ቅዋም

## ማሓብረ-ኮም ኤርትራውያን-ኣሜርካውያን ኣብ ኦረንጅ ካውንቲ

---

## ዓንቀጽ 1

### ቁጽሪ 1. ስም

መጸውዒ ስም ናይዚ ማሕበር: "ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን-ኣሜርካውያን ኣብ ኦረንጅ ካውንቲ" ተባሂሉ ይፍለጥ:: ካብዚ ቀጺሉ ከኣ: "ማሕበረ-ኮም" ተባሂሉ ይስመ::

---

## ዓንቀጽ 2

### ቁጽሪ 1. ጂኦግራፋዊ ዶብ

እዚ ማሕበረ-ኮም ዝጥርንፈሉ ቦታ: ብምምሕዳር ኦረንጅ ካውንቲ ካሊፎርንያ ዝፍለጥ ዶብ ዝተሓጽረ ኮይኑ: ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋናት ንኣባላት ብግቡእ ድሕሪ ምፍላጥ: ኣገልግሎቱ ናብ ከባቢኡ ዘሎ ካውንቲታት ሎስ ኣንጀለስ: ሪቨርሳይድ: ሳን በርናርዲኖን ሳን ዲያጎን ከስፍሕ ይኽእል:: ካብዚ ዝተጠቕሰ ቦታታት ወጻኢ ግና: ነዚ ቅዋም ማሕበረ-ኮም ብግቡእ ምስ ዝቕየር ጥራሕ ይኸውን::

---

## ዓንቀጽ 3

### ቁጽሪ 1. ዕላማ ማሕበረ-ኮም

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ማሕበረ-ኮም: ነዘን ኣብዚ ተጠቒሰን ዘለዋ ዕላማታት ኣብ ሽቶ ንምብጽሐን ዝሓለነ ኮይኑ: በዚኣን ጥራይ ተደሪቱ ኣይተርፍን::

- ሀ) ኣባላት ብጉዳይ ናብራ ማሕበረ-ኮም ብግቡእ ዝዛተይሉን ዝማኽርሉን መድረኽ ምፍጣር::
- ለ) ኣብ ማሕበራውን ባህላውን ጉዳያት ምስታፍ::
- ሐ) ንቕልውን ዓበይትን ዝኸውን ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ምንጣፍ::
- መ) ኣባላት ፍልጠቶምን ልምዶምን ዝለዋወጥሉን: ናብርኦም ዘመሓይሽሉን ኣንፈት ምንዳይ::
- ሰ) ማሓበረ-ኮም ምስ መንግስታውን ህዝባዊን ትካላት ብግቡእ ዝራኸቡሉ መገድታት ምጽራግ::.

እዚ ማሕበረ-ኮም ንግብረ-ሰናይ ዝቖመ ማሕበር እዩ:: ስለ ዝኾነ ከኣ ተግባራት ኣሰራርሕኡ ብመንፈስ ናይ ኣሜሪካ ሕጊ ቀረጽ ግብረ-ሰናይ ማሕበራት (IRS Code 501 (c) 3 ) ይኸውን:: እዚ ማለት ማሕበረ-ኮም ካብ ናይ ፖለቲካ: ሃይማኖት: ዓሌትን ኣድልዎታት ነጻ ኮይኑ: ንኹሉ ኣባላቱ ብዘይ ኣፈላላይ ዘርብሕ ይኸውን::

---

## ዓንቀጽ 4

### ቁጽሪ 1. ኣባልነት

ኣባልነት እዚ ማሕበረ-ኮም ንኹሉ ልዕሊ 18 ዝዕድሚኡ፣ ኣብ ክልል እዚ ማሕበረ-ኮም ዝሰርሓሉ ቦታታት ዝቕመጥ፣ ንብረት ዝውንን ወይ ከኣ ዝሰርሕ ግለ-ሰብ ክፉት'ዩ። ኣባል ክኸውን ዝደሊ

ሰብ፡ ቕጥዒ ኣባልነት መሊኡ፡ ናይ መጀመርታ ወርሒ ክፍሊት ($10 ንወርሒ ንዓበይቲ - $5 ንሙሉእ ሰዓታት ዘይሰርሕ ተማሃራይ - ካልኦት ተመሃኦሮ ብነጻ) ምስ ዘማልእ ይኽዎን።

### ቁጽሪ 2. ምድማጽ
ኣብ እዋን ምርጫ ከድምጹ ዝኽእሉ ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኮይኖም፡ ክፍሊቶም ብምሉእ ዝኸፈሉን፡ ካብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ (6) ኣኼባ ኣባላት እንተወሓደ ኣብ ሓንቲኣን ዝተሳተፉ ምስ ዝኾኑ ጥራይ እዩ።

እዚ ማሕበረ-ኮም ዝወሰዶ ስጉምትታት ብምርጫ ኣካየድቱን ኣባላቱን ኮይኑ፡ ዝበዝሑ ኣድመጽቲ ብዝሓረይዎ መገዲ ይኽይድ። ነዚ ክትግበር ቁጽሪ ናይ ዝተኣከቡ ኣባላት በዚ ቅዋም (ዓንቀጽ 6፡ ቁጽሪ 2) ተነዲፉ ዘሎ ኣገባብ ክማላእ ኣለዎ። ኣቦ ወንበር ምርጫ ኣባላት ብግቡእ ከምዝቑጸርን ከምዝምዝገብን ይገብር።

ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ንህጹጽ መልሲ ዘድልዮም ጉዳይት፡ ኣካየድቲ ኣብ ዘይርከብሉ እዎን፡ ብክልተ ኣባላት ቦርድ ክፍጸም ይከኣል።

---

## ዓንቀጽ 5

### ቁጽሪ 1. ኣካየድቲ ስራሕ
መሪሕነት ማሕበረ-ኮም ነዞም ዝስዕቡ ሓላፍነት ኣካየድቲ ይጥቕልል

ሀ) ኣቦ-ወንበር
ለ) ምክትል ኣቦ-ወንበር
ሐ) ዋና ጸሓፊ
መ) ተሓዚ ገንዘብ

ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ብስምምዕ ኣካየድቲ ናይ ክልተ ቦታታት ሓላፍነት፡ ኣብ ሓደ ክጥርነፍ ይከኣል።

### ቁጽሪ 2. ኣባላት ቦርድ
ኣባልነት ቦርድ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣከየድቲ ውሲኹ፡ ምስ ሓሙሽተ ካብ ኣባላት ዝተመርጹ ሰባት፡ ካብ ሸሞንተ (8) ከይበዝሐ ስርሑ የንጥፍ።

### ቁጽሪ 3. ናይ ስራሕ ግደ
ኣቦ ወንበር
ንኹሉ ኣኼባታት ማሕበረ-ኮም ይመርሕ። ከምኡውን ብቦርድ ዝተዋህቦ ኣግባብ ኮሚቴታትን ኣባላተንን የዋፍር። ሓፈሻዊ ስርሓት ምሓበረ-ኮም ከምዝሳለጡ ንይ ምግባር ሓላፍነት ይወስድ።

ምክትል ኣቦ ወንበር
ኣቦ ወንበር ኣብ ዘይርከበሉ እዋናት፡ ከም ኣቦ ወንበር ኮይኑ የገልግል።

ዋና-ጸሓፊ

ኩሉ ናይ ማሕበረ-ኮም ንጥፈታት፡ ኣኼባታትን ኣስማት ኣባላት ብግቡእ ይምዝግብ። ብስም ማሕበረ-ኮም ዝግበር ንይ ጽሑፍን ካልኦት መራኸቢታታት ሕጋውነቱ ክምዝሕሎ ይገበር። ንኣባላት ከኣ በብግዚኡ ናይ ዝውጹ ናይ ማሕበረ-ኮም ሓበሬታታት ብእዋኑ ክምዝሰምዑ ይገበር።

ተሓዝ ገንዘብ
ናይ ኩሉ ልውውጣት ንዋታዊን ካልእ ንብረትን ማሕበረ-ኮም ሓላፍነት ይወስድ። ንኣባላትን መሪሕነትን ድም፡ ብብግዚኡ ጸብጻብ የቕርብ። ሕጋውነት ብዘለዎ ኣገባብ ከኣ መዝገብ ይሕዝ።

ቦርድ
ኣብ ወንበር ዝመርሓ ኮይኑ፡ ብሓባር ንዕላም ናይ ማሕበረ-ኮም ዝሳላጥሉ መገድታት ተመያይጡ ውሳነታት የመሓላልፍ። ኣገባብ ኣኼባታቱ ድም ብዓንቀጽ 4፡ ቁጽሪ 1 ዘሎ ኣገባብ ይፍጸም።

## ቁጽሪ 4. ኮሚቴታት.

ማሕበረ-ኮም ንዕላምኡ ዘተግብራ ኮሚቴታት፡ ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ እዋናት ክቖውም ይኽእል። ኣቦ ወንበር ንኮሚቴ ዝመርሑ ሓለፍቲ ክሰሚ ይኽእል።

## ቁጽሪ 5. ናይ ግዜ ገደብ

ኩሉ ናይ ሓላፍነት ቦታታት፡ ካብ መስከርም 1 ጀሚርካ፡ ካብ ክልተ (2) ዓመት ዘይሓልፍ ናይ ግዜ ገደብ ይህልዎ። ምርጫ ኣብ ዝካየደሉ እዋናት፡ ሓለፍቲ እንደገና ክምረጹ ይኽእሉ።

## ቁጽሪ 6. ዘይተመልአ ናይ ስራሕ ቦታታት

ናይ ስራሕ ቦታ ብዝተወደቦ ሰብ ምስ ዝግደፍ፡ ብዘይ ፍቓድ ናይቲ ሰብ ምስ ዝሕደግ፡ ወይ ከኣ እቲ ሰብ ልዕሊ ሰለስተ (3) ግዜ ብዘይምኽንያት ኣብ እኼባ ምስ ዝርከም፡ "ክፉት ቦታ" ይኸውን። እዚ ምስ ዝኸውን ኣቦ ወንበር መተካእታ ክገበረሉ ሓላፍነት ኣለዎ። እቲ መተካእታ ኣብ ዝምጽእ ኣኼባታት ቦርድን ኣባላትን ናይ ኣምንታ ደገፍ ክረክብ ኣለዎ።

## ቁጽሪ 7. ምርጫ

ኣቦ ወንበር ኣብ ወርሒ ሰነ ሕጹያት ትቕርብ ኮሚቴ ክምትቐውም ይገብር። እዛ ኮሚቴ ኣብ ወርሒ ሓምለ ዝርዝር እስማት ሕጹያት ትቕርብ። ኣብ ወርሒ ነሃሰ ምርጫ ይካየድ። ኣብ እዋን ምርጫ ካብ ኣባላት ተወሰኽቲ ሕጹያት ዕድል ምእንቲ ክረኽቡ፡ ኣባላት ወይ ንነብሶም ወይ ንኻልኦት ክሓጽይዎም ሰለስተ ሻዕ ይዕደሙ።

---

# ዓንቀጽ 6

## ቁጽሪ 1. ኣኼባ

ኩሉ ኣኼባታት ማሕበረ-ኮም ብመንፈስ "ናይ ካሊፎርንያ ሕጊ ህዝባዊ ኣኼባታት" ይካየድ። ኣኼባ ኣባላት እንተወሓደ ኣብ ዓመት ክልተ (2) ግዜ ክፍጸም ኣለዎ። ካብዚኦን ሓንቲኦን ንምርጫ ዝተመደበት ኣኼባ ትኸውን። ኣቦ ወንበር ህጹጽ ኣኼባታት ብ ሓሙሽተ (5) ኣባላት ቦርድ ወይ ከኣ ብ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ካልኦት ኣባላት ምስ ዝጽዋዕ ከተግብሮ ሓላፍነት ኣለዎ። ኩሉ ኣኼባታት ዝግበረሉ ቦታን ሰዓትን ንኣባላት ብግቡእ ተሓቢሩ፡ ዕማማቱ ብግቡእ ይምዝግብ።

## ቁጽሪ 2. ሕጋውነት ኣኼባታት

---

ኣኼባ ኣባላት እንተወሓደ ሓሙሽተ (5) ኣባላት ካብዚኦም ከኣ እቶም ክልተ (2) ወይ ኣቦ ወንበር፡ ምክትል ኣቦ ወንበር፡ ዋና ጸሓፊ፡ ወይ ከኣ ተሓዝ ገንዘብ ምስ ዝኾኑ ጥራይ እዩ።

## ቁጽሪ 3. ዝውሰን ስጉምቲ

ዕማማት ማሕበረ-ኮም ኣብ ምስላጥ፡ ይጠቕሙ እዮም ዝተባህሉ ሓሳባት ኣብ ሕጋዊ ኣኼባታት ብድምጺ ኣባላት ቦርድ ወይ ከኣ ካልኦት ኣባላት ክካየድ ይከኣል። ንዝበዝሑ ኣባላት ዝተንክፍ ሓሳብ ምስ ዝኸውን ኣብ ንይ ኩሎም ኣባላት ኣኼባ ይውሰን። እንተዘይኮነ ግን፡ ብወከልቱ ዝኾኑ ኣባላት ቦርድ ይዛዘም። ዝኾነ ኮይኑ ዝበዝሕ ኣድማጺ ብዝሓረየ መገዲ ዕማማት ይሳለጡ።

## ቁጽሪ 4. ኣቤቱታ

ዝኾነ ይኹን ሰብ ወይ ከኣ ትካል፡ ብማሕበረ-ኮም ትውስዶም ስጉምትታት ተበዲለ ኣለኹ ዝብል፡ መኣረምታ እንተደኣ ዝድለ ኾይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ስሳ (60) መዓልቲ ጉዳዩ ብጽሑፍ የቕርብ። ብኣባላት ቦርድ ከኣ፡ ንበዓል ጉዳይ ብምዕዳም ኣብ ውሽጢ ኣርባዓን ሓሙሽተን (45) መዓልቲ እቲ ጎዳይ ኣብ ኣኼባ ይርአ። ብድሕሪኡ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) መዓልቲ ውሳኔኦም የመሓላልፉ።

## ቁጽሪ 5. ተጻራሪ ሓላፍነት

ኣባላት ቦርድ ብድምጾም ዝውሰንዎ ጉዳያት ንናይ ግሊ ረብሓ ዝትንክፍ ምስ ዝኸውን፡ ንዝተረፉ ኣባላት ብምንጋር ካብ ምድማጽ ይቑጠቡ። እዚ ከኣ ኣብ መዝገብ ነጥብትታት ኣኼባ ብግቡእ ይምዝገብ።

## ቁጽሪ 6. መወሰኺታ/መኣረምታ ቅዋም

እዚ ቅዋም ንኽቕየር/ክውሰኽሉ ወይ ከኣ ክእረም ናይ ክልተ ሲሶ (66%) ኣባላት ድምጺ የድሊ። እቲ መኣረምታ ኣብ ኣኼባ ብግቡእ ዝትነበ ኮይኑ፡ ውጽኢቱ ድም ሓድሽን መተካእታን ናይ ዝሓለፉ ቅዋማት ይኸውን

## ቁጽሪ 7. ነጥብታት ኣኼባ

ኣቦ ወንበር ናብ ኣኼባታት ዝቕርብ መዛረቢ ነጥብታት የዳሉ። ካልኦት ኣባላት ነቲ ዝተመደበ ነጥብታት ክውስኽሉ መሰል ኣለዎም።

---

# ዓንቀጽ 7

## ቁጽሪ 1. ምፍራስ ማሕበረ-ኮም.

ማሕበረ-ኮም ኣብዚ ቅዋም ዝተጠቕሱ ዝተበገሰሎም ዕላማታት ክዓምም እንተዘይክኢሉ፡ ብድምጺ ኣባላት ክፈርስ ይኽእል። ነዚ ንምግባር 75% ከድምጹ ዝኽእሉ ኣባላቱ ነዚ ምስ ዝሓርዩ ይኸውን። እዚ ማሕበረ-ኮም ምስ ዝፈርስ፡ ንዋታውን ካልእ ዝውንኖ ንብረትን እንትተኻኢሉ፡ ንኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንጽጉማት ዝዕንግላ ግብረ-ሰናይ ትካላት ይወሃብ። እዚ በቶም ኣብ ናይ መፍረሲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ኣባላት ክውሰን ይኽእል።

---

# ዓንቀጽ 8

## ቁጽሪ 1. ሕጋዊ ተሓታትነት

እዚ ማሕበረ-ኮም ይኹን ኣባላቱ ንኣካየድቲ ቦርድን ንካልኦት መራሕቱን ብስም ማሕበረ-ኮም ኣብ ዝውስድዎ ስጉምትታት፡ ብግላዊ ተሓታትነት ክውክሶም ኣይክእልን እዩ።.

ብኣባላት ቦርድ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን-ኣሜሪካውያን ብዕለት_________ ጸዲቑ።

______________________
ሳህለ ገብረማርያም
ኣቦ ወንበር